

# ብዛዕባ ድሕነት ሓደጋ  ሓዊ ዘተ ግበር

ዕድሚኦም ልዕሊ 70 ዓመት ዝኾኑ ሰባት ምስ ካልኦት ሰባት ክነጻጸረ ከለው ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሓሙሽተ ጊዜ ብሓደጋ ሓዊ ናይ ምሟት ዕድል ኣለዎም፡፡  ገለ  ቀለልቲ ስጉምታት  ብምውሳድ ኣብ ዓበይቲ ሰባት ክበጽሕ ዝኽእል ሓደጋ ሓዊ ምንካይ ይከኣል፡፡ ብዛዕባ ድሕነት ሓደጋ ሓዊ ተዛረብ፣ ኣብ መንበሪኦም ዘሎ ናይ ሓዊ ሓደጋታት ነጽር ከምኡ እውን እቲ ሓደጋ ሓዊ ንምንካይ እንታይ ከምእትገብር ዘተ ግበር፡፡

## ብዛዕባ ናይ ሓዊ ደሕንነት ኣብ ተዋግዕሉ ግዘ፣ ብዛዕባ እዚኦም ተዛራረቡ

- ናይ ምግቢ ምድላውን ናይ ሓዊ ደሕንነትን ኣብ ክሽነ
- ናይ ኤሌክትሪክ ኣቕሓታት ብጥንቃቐ ምጥቃም
- ኣላርምን ና መምለጢ መንገዲታትን
- ከመይ ሓዊ ከምእተጥፍኡ
- ሽምዓን ሽጋራ ምትካኽን

እንድሕር ዓርኪ ወይ ዘመድ ኾይንኩም፣ ናይ ሓዊ መከላኸሊ ወሰንቲ ዝርዝራት ኣዳሊናልኩም ኣለና።

## ከም ዓርኪ ወይ ዘመድ፣ ከምዚ ብምግባር ክትሕግዙ ትኽእሉ

- ናይ ስቶቭ ተቖፃፃሪ ምግጣም
- ኣብ እቲ ስቶቭ ልዕሊ ዝርከብ ፊለተር ብምፅራይ
- እቲ ናይ ትኪ ኣላርም ይሰርሕ ምህላዉን ኣብ መላእ እቲ ገዛ ይስማዕ ምህላዉን ምርግጋፅ
- ሓዊ መጥፍኢ ምህላዉን እቲ ነባራይ ክጥቀመሉ ምኽኣሉን ምርግጋፅ
- እቲ ነባራይ ደሕንነቱ ዝሓለወ ናይ ሓዊ ኣተቓቕማ ልምዲ ከማዕብል ምግባር
- መጋረጃታት፣ ክዳውንቲ፣ ጋዜጣታትን ፈርኒቸራትን ካብ ናይ ኤሌክትሪክ መሞቒታት ብፅቡቕ ርሕቐት ምህላዎም ምርግጋፅ
- ዓብዩ ኣምፖል፣ ሓደገኛ መመላኽዒ መብራህቲታትን ሚዛኖም ዘይሓለዉ ናይ ሽምዓ መቐመጢታት ምውጋድ

ብዛዕባ ናይ ሓዊ ደሕንነት ንኣረጋውያን ኣብ sikkerhverdag.no ብዝበለፀ.ምንባብ ትኽእሉ

ALT VI KAN MOT BRANN

ብዛዕባ ናይ ሓዊ ደሕንነት ምዝርራብ ናይ Alt vi kan mot brann (ኩሉ ፃዕሪ-ኣንፃር ሓዊ) ኣካል እዩ። እዚ ናይ ሓዊ ባርዕ ምክልኻልን ምርድዳእን ተለዓዓላይነት እንትኾን ክሳብ 2020 ክፀንሕ እዩ። እዚ ተለዓዓላይነት እዚ ኣብ DSB ብዝተሰርሐ ሃገራዊ ናይ ባርዕ ሓዊ ምርድዳእ መዋደድቲ ጉጅለ፣ ናይ ኖርወይ ናይ ባርዕ ሓዊ ኦፊሰራት ትካል፣ ናይ ኖርወይ ናይ ትኪ መውፅኢ ቱቦታት ትካል (Feiermesternes landsforening)፣ ናይ ኖርወይ ናይ ባርዕ ሓበሬታ ፎረም (Branninformasjonsforum)፣ ከባቢያዊ ኤሌክትሪካል ፈተሸ ምምሕዳር (DLE)፣ ናይ ብቑዓት ትካላት ምዝገባ (Sakkyndigeselskap)፣ NELFO፣ ኖርወይ ፋይናንስን ናይ ኖርወይ ናይ ባርዕ ሓለዋ ትካልን ዝተዳለወ እዩ። እዚ ጉጅለ እዚ ብ DSB እዩ ዝምራሕ።  እቶም ከባቢያዊ ናይ ባርዕ ክፍሊታት፣ ትኪ መውፅኢ ምፅራይ ግልጋሎትንናይ ኤሌክትሪክ ተቖፃፃራይነት ምምሕዳርን ኣብ መላእ ዓዲ ነዚ ተላዓዓላይነት እዚ ክመርሕዎ ይኽእሉ እዮም።

## ስቶቭኩም ተቖፃፀሩ

ክሳብ ሕጂ ናይ ገዛ ውሽጢ ባርዕ ዝለዓል ብስቶቭ እዩ። ኣብ ልዕሊ ስቶቭ ባዴላ ምግዳፍ ወይ ምግቢ እንዳበሰለ ምድቃስ ብዙሕ ገዘ ዘጋጥሙ ነገራት እዮም። ብዛዕባ ባዴላ ዘይምግዳፍን ምግቢ እንትበስል ስቶቭ ገዲፍካ ዘይምኻድን ጠቓሚነት ተዛረቡ።

ብዙሕ ሓደጋ ከምፅእ ዝኽእል ኩነታት ፈሊኹም ፍለጡ። ኣብ ክንዲ ስቶቭ ካልእ ናይ ምጥቃም መማረፂ ሓሳብ ክተምፅኡ ትኽእሉ ዶ? ናይ ስቶቭ ተቖፃፃሪ ምግጣሙ ኣረጋግፁ። ናይ ስቶቭ ተቖፃፃሪ ዝኾነ ነገር ብጣዕሚ ተሞይቁ ባዕሉ ነታ ስቶቭ የጥፍኣ። ባዴላታት ብጣዕሚ ካብምርሳን ይከላኸል፣ ካልኦት ሓደገኛታት ባርዕ ከስዕቡ ዝኽእሉ ነገራት እውን ይከላኸል።

ናይ ኦቨን ጓንቲታት፣ ናይ ሻሂ ፎጣታት፣ ጋዜጣታትን ካልኦት ኣብ ጎኒ ስቶቭ ዝቐመጡ ኣቑሑት ብቐሊሉ ሓዊ ክቃፀሉ ይኽእሉ፣ እዚ ሓዊ ድማ ብቀሊሉ ክባፃሕ ይኽእል። ናብ እቲ ዘይቲ ዘለዎ ኤክስትራክተር ፋን ተበፂሑ ድማ ብዝበለፀ ይስፋሕፋሕ። ብዛዕባ ናይ እቲ ስቶቭ ዝርከበሉ ቦታ ምፅራይ እውን ተዘራረቡ።

ካልእ ኣብ ናይ ስቶቭ ቦታ ኮይኑ ዘገልግል መማረፂ ሓሳብ ኣለኩም ዶ? እቶም ቤተ ሰባትን መሓዙትን በቢ ተራ ነቲ ኤክስትራክተር ፋን ከፅርይዎ ኣለዎ።

## ናይ ኤሌክትሪክ መሳርሒ ረኣዩ

ስቶቭ እቲ ዋና ሓደገኛ ኣቕሓ እዩ ብዛዕባ ሓዊ ተመፅዩ፣ ግን ካልኦት ኤሌክትሪካዊ ኣቕሑ እውን ብኣግባቡ ተዘይተጠቐምናዮም ባርዕ ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም።እቲ ነባሪ ኤሌክትሪካል መሞቒ ወይ ካልእ ናይ ኤሌክትሪክ መሳርሒታት ብኣግባቡ ዝጥቀሙ ምኻኖም ኣረጋግፁ።ናይ መንደቕ ኤሌክትሪካዊ መሞቒታተን ኤሌክትሪካል ናይ ገዛ ሙቐት ሓለውቲን ብቐሊሉ ዝረስሑን ንባርዕ ዝጋለፁን እዮም።

ብዙሕ ኤሌክትሪክ ሓይሊ ዝጥቀሙ መሳርሒታት (ልዕሊ 1 kW) ብተቐፃሊ ሊድ ልውተፉ ኣይግበኦምን፣ ምቕፃል ፀቕጢ ክፈጥር ይኽዕል እዩ፣ እዚ ድማ ክረስኑ ይገብሮም እሞ ድሕሪኡ ባርዕ ይጅምር።

## ነቲ ናይ ትኪ ኣላርም ስምዕዎ

ብግዚኡ መጠንቀቕታ ምሃብ ሰብ ኣብ ሰዓቱ ናይ ምውፃእ ዕድል ክህልዎ ይሕግዝ። እቲ ገዛ ብናይ ትኪ ኣላርምታት ከምዝተመልኡ ኣረጋግፁ፣ ከምኡ ውን ከምዝሰርሑ ዘለዉ። እቲ ነባሪ ክሰምዖ ከም ዝኽእል ንምርግጋፅ ፈትኑዎ –ዋላ ካብ መደቀሲ። ነቲ ናይ ትኪ ኣላርም በቢ ወርሑ ክትፍትንዎ ከምዘለኩም ዘክሩ፣ ባትሩ ድማ ኣብ ዓመት ሓደ ግዘ።

ብዛዕባ እቲ ናይ ትኪ ኣላርም እንተፀዊዑስ ከመይ ካብ ገዛ ከምዝውፃእ ተዘራረቡ። ናይ ሓዊ መውጽኢ – ተግባር ምፍጣር እውን ፅቡቕ እዩ፣ ብፍላይ ኣብ ድንገተኛ ኩነታት።

## እቲ ነባሪ ነቲ ሓዊ መጥፍኢ ከልዕሎ ይኽእል ዶ?

ባርዕ እንተጋጢሙ እንታይ ይገብሩ? ብዛዕባ እዚ ምዝርራብን ትልሚ ምውፃእን ኣብ ናይ ሓቂ ኩነታት ነቲ ነገር ንምክልኻል ቀሊል ይገብሮ። እቲ ገዛ ሓዊ መጥፍኢ ከምዘለዎ፣ እቲ ነባራይ ድማ ክጥቀመሉ ከምዝኽእል ኣረጋግፁ። ኩሉ ገዛ ሓዊ መጥፍኢ ክህልዎ ኣለዎ። እቲ ሓዊ መጥፍኢ ከቢድ እንተኾይኑ፣ ተወሳኺ ካልእ ሓዊ መጥፍኢ ኣቕሓ ከም ሓዊ መጥፍኢ ኮቦርታ ወይ ኤሮሶል ሓዊ መጥፍኢ ክትቅርቡ ፈትኑ። እቲ ዋና ጠቓሚ ነገር ግን ዓርሶም ከምልጡ ምኽኣሎም እዩ።

## ሽፋናት ዘይኮኑ ናይ ሓዊ ነበልባል ኣወግዱ

መብዛሕትኦም ኣምፖላትን መፀባበቒታትን ሽምዓ መቐመጢ ክኾኑ እዮም ተሰሪሖም፣ ነገር ግን እዚ ብቐሊሉ ናብ ባርዕ ክቕየር ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ናይ ሽምዓታት ሓደገኛነት ተዘራረቡ፣ ብፍላይ ምስ ካልኦት ኣቕሑት ተተነኻኺኡ ብቐሊሉ ባርዕ ክፈጥር ከምዝኽእል። ኣብ ክንዲ ሽምዓ ብዙሓት መማረፂታት ኣለዉ፣ ንኣብነት ብባትሪ ዝሰርሑ ናይ ጠረጴዛ መብራሕቲታት።

## ብዛዕባ ዝተለኮሱ ሽጋራታት ተጠንቀቑ

ዝተለኮሱ ሽጋራታት ዓበይቲ ናይ ባርዕ ሓደጋታት እዮም። ሽጋራ ዘትክኹ ኣረጋውያን ትፈልጥ እንተኾይንካ፣ ኣብ ገዛ ክኾኑ ከለዉ ከመይን መዓዝን ከምዘትክኹ ሕተቶም። እዚ ብምግባርም ናይ ባርዕ ሓደጋ ኣብ ምቕናስ ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፣ ኣብ መንጎ ኣብ ውሽጢ መደቀሲኻ ምትካኽን ኣብ ደገ ምትካኽን ዓቢ ኣፈላላይ ኣሎ። ናይ ሓዊኮቦርታ ብሽጋራ ዝመፁ ባርዓት እውን ክከላኸል ይኽእል እዩ።